ይብፃሕ ን ማ.ል.ት ዳይሬክተር ዶ/ር ታደለ ሓጐስ፣ ኻልኦት ዝምልከቶም መንግስቲ ኣካላት

ዕለት 22.05.19 ብኤ(15.10.11)ብኢ ዓም

# ቤት ትምህርቲ ዶ ምስራሕ ይቐድምስ ሆቴል ?

ብቐዳምነት ልባዊን ሕውነታዊን ሰላምታይ ይብፃሕካ። ኣንታ እንተበልኩኻ ብኣውንታዊ ውሰዶ ኣቕሪበ እየ። ብተወሳኺ ድማ ብኣካል ተራኺብና ስለንፋለጥ እዩ። እቲ ውሕሉሉን ሙዕቡሉን ዕለታዊ ስራሕትኻ እንዳናኣድኩ፤ ንወትሩ ድማ ስልጡን ቁልጡፍ ስጉምቲ ኣብ ስራሕካ ኣምነየልካ። ኣብ ናብራኻ ቅሳነት ኣብ ሂወትካ ድማ ሙሉእ ጥዕና እምነየልካ።

ማ.ል.ት ከም ህፃን ቆልዓ ተወሊዳ ታተይ ክትብል ኣንተላ ናይ ቅድሚት ራእይ ማዓዝ ኢና ቀልጢፍና ፍርያቱ ንርኢ እንዳበልና ኣብ እሸል ዕድሚኣ ነዚ ቑዱስ ዒላማ ተሓንጊጥና ናይ ሓባር ልምዓት ግሁድ ንምግባር ትምህርትና ፣ስራሕና ሓላፍነት ቤተሰብ ወፂዕናን ገዲፍና ክንጉዬ እንተለና ፤ እሞ ንቕዲሚት ኣንቋዕሪርና እንዳጠመትና ፀኒሕና ሎሚ እቲ ሽው ከም ሕልሚ ንሪኦ ዝነበርና ቀልጢፉ ኣብ ሓፂር ግዘ ብሂወት ጋህዲ ኮይኑ ዓንቢቡ ፍርያቱ ክትሪአ ኣንተሎኻ ኣንታብዙይ ንላዕሊ ዘሐጉስ ነገር የለን። ኣብዙይ እንታብ ተራ ኣባል ክሳብ ላዕለዎት ኣካየድቲ ኣካላት በብዓቕሙ ኣስተዋፅኦ ገይሩ እዩ። ብፍላይ ኣብዙይ ዓቢዪ ግደ ዝተፃወተ ነብሲሄር ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ናይ ልምዓት ጀግና ዘይዘከርክዎ ከሓልፍ ኣይደልን። ክብርን ሞጎስን ንዑዑ ይኹን። ማ.ል,ት ክሳብ ሎሚ ብኹሉ መዳያት ዘፍረየቶን እተሪአ ዘላ ምዕባለን ኩሉ ንኽዝርዝሮ ዓቐበት መሲሉ ስለዝተራኣየኒ ንኹሉ ቁሉዕን፣ብሩሁን ርዱእን ስለዝኾነ ኣብዙይ ምድጋም ኣየድልን ከሓልፎ።

እዛ ሪኢቶ ሎሚ ክፅሕፍ ዘበገሰኒ ሃንደበታዊ ወይ ድማ ግዘ ስለዝበዝሐኒ ኣይኮነን። ኣብ ክሊእ ዛዕባ ምፅሓፍ ንተኻእለ ነይሩ፤ ግዳስ ኣዙይ ኣፀቢቑ ኣድላዪን ፅቡቕ ኣጋጣሚ ስልዝረኸብኩ እየ፤ ክንደይ መዓልቲ ከሓልፎ ሎሚስ ሪኢቶይ ከቐምጥ ኣሎኒ ኢለ ተበጊሰ። እምበር ኣነስ ፅንዓትን ግንዛቤ ወሲደ ኣብ እተፈላለየ መድረኽ ዘይቀረየ እንዳተዛረብኩሉን ኣፍቲ ባይታ ብዝተፋላለየ ግዘ ብኣካል ተረኺበ ሪአዮ እየ። እዙይ ክፍሊ ትምህርትን ካልኦት መንግስቲ ኣካላት ብዝበለፀ ዝፀንሑን ዘለውን ዝምልከቶም እዩ።እንታባይ ንላዕሊ እቶም ዝመልከቶም ኣካላት እዮም ብቐረባ ክሳብ ሎሚ ዘይተፀበዩ መፍትሒ ክረኽብሉ ንተገበአ ነይሩ። ሎሚ ውልቀ ሰብ ኣብዙይ ክሳብ ሪኢቱኡ ዝህበሉ ኣይንተበፅሐን ነይሩ።ዘይፈልጥዎ ኣይኮነን ንኣኼባን ንበዓላትን ኣውኡ ዘይውዕል መንግስቲ ኣካል የለን። ቅድም ክብሉ እውን ኣብ ኣብራሃ ወኣፅብሃ ቀዳማይ ቤት ብርኪ ዝተማህሩን ዘምሀሩን ብዙሓት እዮም።

ሕዚ ውን ሃደበታዊ ዘይኮነ ናይ ነዊሕ ውልቃዊ ፅንዓተይን ትዕዝብተይን ፤ ኣብ ባይታ ዝረአ ክሳብ ሎሚ ቆላሕታ ዘይተገበረሉ ዝፀንሐ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኸተማ ኣኽሱም እዩ። ኸተማ ኣኽሱም ናይ ኩላትና መበቆል ታሪኽናን ስልጣነናን ዝኾነ ብዙሕ ኣሽሓት ዓመታት ዕድመ ዘሎዎ ፈላማይ ኸተማ ሃገርና ምዃኑ ንኹላትና ርዱእ ስለዝኾነ ምድጋም ኣየድልን። ሽሙ ዳኣ ዓቢዪ ይኹን እምበር እታፍቶም ዝነበሩ መንግስታትን ስርዓትን ክሳብ ሎሚ ብዕሊ ካልኣይ ብርኪ ዘይተሰርሐሉ ኸተማ እዩ። ስለምታይ ከምኡ ክምዝኾነ ዝገርምን ዘተሓታትን እዩ።

እቲ ነባሪ ሕብረተሰብ ቁፅሪ እንዳወሰኸ ብዝኸደ ቁፅሪ እቲ ተማሃራይ ኸተማ ኣኽሱምን ከባቢኡን ኣውን ብዙሕ እዩ ኣዝዩ ወሲኹ። ብፈለምኡ ኣብ ኸተማ ኣኽሱም ክሳብ ስርዓት ደርጊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣይነበረን፤ ኣብ ደርጊ ግዘ እውን ብዕሊ እዙይ ዝባሃል ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣይተሰርሐን። እቲ ዝኒሀ ብግዚኡ ብጣዕሚ ፅብቑን ደረጅኡ ዝሓለወ ሓዳ ኮለጅ ዝመስል ኣብርሃ ወኣፅብሃ ቀዳማይ ብርኪ ጥራሕ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ዝነበረ ብጣዕሚ እንዳፀበበ ምስከደ ብቐዳምነት እቲ ፅበት እንታብ ልቢ ኣታሓሳሲብውም እቲ ብዘበነ ንግስና ሃፄ ኃይለስላሴ ብውልቆም ገባሪ ሰናይ ኣይተ ኒቀዲሞስ ተስፋይ ዓርባዕተ መምህሪ ክፍሊ ሰሪሖም ኣረኪቦም እዮም። ብድሕሪኡ ናቶም ኣሰር ተኸቲሎም ንግዚኡ ኣሽማቶምን ዝርዝሮም ዘይብለይ ብውልቅን ብጉጅለን ብተፈላለየ ግዘ ተወሳኺ ክፍልታት ተሰሪሖም እዮም። ኣይተ ኒቀዲሞስ ተስፋይ እዙይ ጥራሕ ኣይኮነን እግረ መንገደይ ዘይጠቐስኩዎም ከይሓልፍ ዘይደሊ ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይ ድማ ንገረሉ እዩ ኣሞ ዳሓር ውን ቐፂሎም ኣብዚ ዝፀንሐ ንሹሙ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ፤ መምህርን ፣ፍልፍል ኣቶት ዝኸውን እዳኸፍቲ ሰሪሖም እዮም። ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን እቲ ዋና መንገዲ መናፈሻ ሒዙ ነቲ ናፍቲ ዝኒሀ ቕድም ዝበለ ካልኣይ ብርኪ ዝወስድ ኣስፋልት መንገዲ ኣሰሪሖም እዮም። ኣብ ኸተማ ኣኽሱም ንሽሙ ክልተ ካልኣይ ብርኪ እዩ ዝኒሀ።ክልቲኡ ድማ ብዕሊ መንግስቲ ምስ ሙልእ ናውቲ ዘስረሖ ኣይኮነን። ናይ ጭንቂ እቲ ቕድም ክብል ኻልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ፤እቲ ቀዳማይ ኣብርሃ ወኣፅባሃ ቀዳማይ ብርኪ ምስ ፀበበ ንሻውዓይን ሻምናይን ብተወሳኺ ንወትሩ ንኻልኣይ ብርኪ ተሓሳቢ ተገይሩ እተ ወሳና ብሎካት እየን ተሰሪሐን ነይረን። ሽው ዕድል ገይርና ብሉፃትን ምሩፃት መምሃራን ነይሮምና፤ እቲ ዝነበረ መምህሪ ክፍልታት እውን

ንዓና ንሻውዓይ ንሻምናይን ክፍሊ እኹል ክፍልታት ነይሩና።ሽዑ ሽምናይ ወዲእኻ ናብ ኻልኣይ ብርኪ ዘሎዎ ጉዕዞ ስለዝነበረ ኣነ እውን ዓድዋ እየ ክይደ ተማሂረ። ብድሕሪኡ ብደርጊ ግዘ ውን ኻልኣይ ብርኪ ንምስራሕ ዳርጋ ዘይሕሰብ እዩ ነይሩ። ከምቲ ቕድም ኢልካ ፈቐድኡ ካልኣይ ብርኪ ኣብ ዘለዎን ቤተሰብን ዘመድ ኣዝማድ ዘለዎ ኣፍቲ ዕግርግርን ሰላም ዘየብሉ ግዘ ስለዝነበረ ከም ቀደም ከይድካ ምምሃር ዕድል  ኣይነበረን ኣይሕሰብን ውን ነይሩ። ኣብርእሲኡ እቲ ናብራ ኸቢሩን ፀገም ምስበዝሐ እቲ ቑጠባዊ ሕብረተሰብ ውን ብጣዕሚ ስለዝተሓተ ኢሉውን ወድኻ ወይ ጓልካ ናብ ካሊእ ሰዲድካ ክተስተምህር ዓቕሚን ፍልፍል ኣቶት እውን  ኣይነበረን። ትሕዝቶ መሬት ንኹለ ክባፃሕ ተባሂሉ ምስተሸንሸነ እቲ ብሕርሻ ተማሓዳደሪ ሕብረተሰብ እንተኾነ እውን ዓቕሚ ስኢኑ ደቁ ፈቐዱኡ ከም ቀደሙ ሰዲዱ ክምህር ኣቕሚ ኣይነበሮን።በቲ ሓደ ወገን ቁፅሪ ተማራይ ብዙሓት ምሩፃት ተማሃሮ ኣብ ገድሊ እዩ ተፀሚሩ ነይሩ። ኣፍቲ ዘመነ ደርጊ እንተኸነ ኣብ ካሊእ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደሊኻ ክትማሃር ዘይሕሰብን ዘይካኣል ዘይሕለም እዩ ነይሩ። እቲ ቑጠባ ምንካይ ሰላም ምስኣን ኣብ ቦትኡ ኮይኑ እቲ ከም ቀደሙ ኣብ ንግድን ካልኦት ሞያ ተንቃሳቒሱ ናብርኡ ዝመርሕ ዝነበረ በቲ ዝነበረ ዕግርግርን ሰላም ምስኣን ዝካኣል ኣይነበረን። <u>ብእኡ ምኽንያት እዩ ኣፍተን ዝነበራ ክፍልታት ናይ ንግሆን ምሸት ፈረቓ ተገይሩ ናይ ጭንቂ ንሹም ኻልኣይ ቤት ትምህርቲ ተባሂሉ። እርግፀኛ ኣይኮኩን ዳርጋ ሰለስተ ፈረቓ ነይሩ ኣዩ ዝባሃል።</u> እዙይ ከምዙይ ክይኑ እውን እቶም መብዛሕትኦም ምሩፃት ተማሃሩ ኣብ ገድሊ እዮም ተፀሚሮም ነይሮም። ረብሑኡን ውፅኢቱን ናይ ዚ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ሎሚ ከመይ ክምዝኸድ ዘሎ ኣፍቲ ባይታ ይረአ ኣሎ። ኣብ ኣኽሱም ኣብርእሲ እቲ ዝፀንሐ ሕብረተሰብ ብዙሕ ተወሳኺ ሕብረተሰብ እዩ ተወሲኹ ቁፅሪ ተመሃራይ ውን ብኡ ምኽንያት ሎሚ ቑፅሩ ኣፀቢቑ እዩ ወሲኹ። እዚ ተወሳኺ ሕብረተሰብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እዩ ወሲኹ ንኣብነት፥

- ዞባዊ ምምሕድዳር ኣብኡ ስለዝኾነ ኣብ ብዙሕ ዘርፍታት ዝተዋፈሩ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ተወሲኾም
- ናይ ገድሊ ኣካለ ጉዱኣት
- ብኢትዮ ኤርትራ ውግእ ምኽንያት ናይ ክንደይ ትውልዲ ወለዶ ምፍንቓል
- እቲ ዝገደደ ድማ እንታብ ቁሩም ዓመታት ጀሚሩ ብፍላይ እንታብ ጐንደር ዝተፈናቐለ
- ኣብርእሲኡ እንታብ ካሊእ ክፋል ሃገርና ዝተፋቐለን ብሰጋእታ ንዓዱ ዝተመለሰ
- እቲ ተማሃራይ እውን ዓቢዩ ኸተም ይሓይስ እንዳበለ ትሕዝቶ እቲ ቤት ትምህርቲ ዘይተረዶ ኦ ናብኡ ውሒጁ
- ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ ንግድን ካለኦት ዘርፍታት ስራሕቲ ዝተዋፈረ ........ ወ.ዘ.ተ.........

ኣብዚ ንሽም ካልኣይ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮ ዝኹሉ ዓመታት ተማሂሮም ሕማቕ ውፅኢትን ትሑት ፍልጠት እንተዘይሃለዎም ብመሰረቱ ዘድንቕ ኣይኮነን። ንሹም ወዲኦም ተባሂሎም ሎሚ ነጥቢ ሲኢኖም ብዘይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ፣ ሞያዊ ትምህርትን ስራሕን ናይ ወላድን ሕብረተሰብን ሸኽሚ ኮይኖም ኣብ ሕማቕ ስራሕቲ ዘይቀረየ ሕማቕ ስነ ምግባረታት ንኽትገልፆ ዘይፅቡቕ ክዋፈሩን ኣብ ሸዊት ዕድሚኦም ብዙሕ ክፈልጡሉን ክፍርዩሉን ዝኽእሉሉ ዕድመ፤ ላዕለዋይ ትምህርቲ ተማሂሮም ድማ ክፍርዩሉን ክማራመሩሉን ክምህዝሉን ዝኽእሉሉ  ወርቂ ግዘ ብኸንቱ የሓልፍ ኣሎ። ኣብርእሱኡ ድማ ሕሊናውን ሞራላውን ዘስዕቦ ፅልዋን ፀገምን ብቐሊሉ ዘሕድረሎም ስነኣእምራዊ በሰላ ብቐሊሉ ምግማት ይካኣል እዩ። ደጊመ ደጋግሚ ዝገበርኩዎ ውልቃዊ ፅንዓትን ትዕዝብን እቶም ተማሃሮ ስለምንታይ እዩ ውፂኢቶም ትሒቱ ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ነጥቢ ዝስእኑ ዘሎዉ አንታብዝብል ዕላማ ተበጊሰ ኣዬ ኣቲ ጉዳይ ኣብ ባይታ ዘይቀረየ ትሕዝቶ እቲ ቤት ትምህርቲ ብኣካል ክይደ ክሪኦ ተገዲደ።ኣብርእሲኡ ካሊእ ይትረፍ ብዙሓት ነጥቢ ሲኢኖም ናይ ሞያዊ ስልጠና ዕድል እኳ ዝሰኣኑ ኣሎዉ እዮም። ሎሚ እኹል ፍልጠት ረኺቦም ንገዛእ ነብሶም ኮይኖም ንህዝቦምን ዓዶምን ፅቡቓት ዜጋታት ኮይኖም ብዙሕ ከበርኩቱ ኣንዳተገበኦም ሎሚ ኣይ ኣብ ትምህርቲ ወይ ኣብ ስራሕ እንታብኩሉ ተፈልዮም ኣብ ሸዊት ዕድሚኦም ኣበይ ከምዝውዕሉን ዘምስዩን ዘሎው ንኹሉ ዝተሰወረ ኣይኸውንን።እዚ ኢልካ ክትገልፆ ዘየትደፍር ዘሐዝን ሕማቕ ግዘ እንዳሕለፉ ናይ ወለድን ሕብረተሰብ ኢሉ ውን ናይ ዓዲ ሸኽሚ እዮም ዝኾኑ ዘሎዉ። ብዙሓት ወለዲ እንተኾኑ ገሊኦም ጠውርቲ ደቆም ሜዳ እተሰውእዎም ብዘይ ጠወርቲ ብሽግር እንታብ ዘዓለም ዝተፈልዩ ፤ ዝተረፉ እቲ ሓፈሻዊ ስእነትን ሽግርን ኣብርእሲኡ እቲ ዕድመ ምድፋእ ተሓዋዊሲዎ ክንደይ ኣረጋውያን እቲ ፍልጠቶምን ዝተፈላለየ ስነጥበባዊን ኢደጥበብን ንቀፃላይ ወለዶ ዘይኣማሓላለፉ እንታብ ዓለም ተፈልዮም እዮም። እቲ ቀፃሊ ወለዶ ድማ ኣሰሮም ክይኽተል ባይታ ኣይተጣጠሐሉን።

## <u>ምኽንያት፥</u>

- ግልፅን ንፁሩን ኣዩ፤ ዕላዊ ደረጅኡ ዝሓለወን ነቲ በዝሒ ተማሃራይ ተመጣጠኒ ካልኣይ ብርኪ ኣይተሰርሐሎምን

- ኣብ ቤት ትምህርቲ እንዳሃለዉ ባይታን ብመምህሪ ናውቲ ዝተሰነየ ዕድል ኣይረኸቡን
- እኹል ፍልጠት ንምርካብ ብቕዓት መምሃራን ሓደ ወሳኒ መሰረት እዮ
- እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ኩሉ ዝምልከቶ ኣከል ኣፍቲ ባይታ ዘሎ ኩነታት ብኣካል ክይድካ ምርኣይ ይካኣል እዩ

<u>ኣንተዘይኣለ ንሹም ቤት ትምህርቲ ክይድካ ምምላስ እኹል ውፅኢት ኣየምፅእን። እርግፅ ተማሃራይ ውን ናይ ልቡ ክሰርሕ ኣሎዎ። ግዳስ ኣብዚ ኸተማ ኣኽሱም ክሳብ ሎሚ መሰረታዊ ዝኾነ ካልኣይ ብርኪ እዩ ዘይተሰርሐሉ፤ እቲ ዝኒህ ክምቲ ደጊመ ደጋጊመ ዝገለፅኩም ናይ ጭንቂ ዝቕመ እዩ።</u>

## <u>ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብራሃ ወኣፅብሃ ኸ ኣንታይ ይመስል</u>

ሎሚ ተማሃራይ ቁፅሪ እንዳወሰኸ ብዝኸደ ቁፅር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንፁር ኣሃዝ የብለይን ግዳስ ሕልፍ እንዳበልኩ ዝሪኣን ናይ ምስ ሓደ ናይ ውልቂ ቁፅሩ ውሑድ ኣይኮነን። ብዛዕባ ፅርየቱን ትሕዝቱኡን ሓበሬታ የብለይን ኣትየ ዝረኣይኩዎ እውን የብለይን። ሓደ ዘሐዝን ደጋዊ ስእሊ ናይቲ ንኹላትና ዘምሀረ ብዓይነቱን ትሕዝቱኡን ንባዕሉ እቲ ሕንፃ ፍሉይ ዝኾነ ቀዳማይ ብርኪ ኣብራሃ ወኣፅባሃ ቤት ትምህርቲ ከባቤኡ ቐፅሪ ቤት ትምህርቲ ክኸውን ዝግበኦ ሎሚ ብምብፅዳቕ ገፅ ዝነበረ ተረፍ መሬት ካሊእ ቦታ ከምተሳኣነ ቴለኮሙኒኬሽን ተሰሪሒዎ። ቴሌኮሚኒኬሽን እኳ እቲ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ተሻይምዎ እምበር ዝዓዳእን ዝርብሽ የብሉን። እቲ ዘሐዝን ግዳ ብደቡብ ገፅ እንታብ ምብራቕ ክሳብ መወድእታ ቐፅሪ ቤት ትምህርቲ ንምፅዳቕ ወሰን ፅርግይ ዝነበረ ቐፅሪ ቤት ትምህርቲ ካሊእ ድንኳናት ተሰሪሕዎ ኣከንዲ ቤት ትምህርቲ ምኧን ተሪፉ ዕዳጋ ማእኸል እዩ ዝመስል። እቲ ገፁ ንመንገዲ ይጠምት ዳ እምበር ነቲ ቤት ትምህርቲ ዓብሊልዎ ዕዳጋ ማእኸል እዩ ዝመስል ፤ ኣብርእሲኡ ኣብ ጐኒ ቤት ትምህርቲ ኮይኑ ዓው ዝብለ ሙዚቃ ዝተኣናገደሉ ከባቢ ኮይኑ ክትርኢ እንኳን ዶ ንዝፈልጦ ንዘይፈልጦ እውን ንረኣይኡ መስደመሚ እዩ።ኣነ ብውልቀይ እዙይ ክኸውን ዝፈቐደን ዝኣዘዘን ቅኑዕ ኣይኮነን። ፀላኢ ፍልጠትን ተማሃሮ እየ ዝብሎ። እንኳን ዶ ኮምኢሉ ተኸቢቡ ቀደም ኩሉ ዘይነበሮ ደርፊ ዓው ኣቢላ ተሓልፍ ዝነበረት ኣውተቡስ እኳ ኣፍታ ዝነበረት ናብ መንገዲ እትጥምት ካልኣይ ደብሪ ዝነበረት ንእሽተይ ቤተ ንባብ እንተሃሊና እቲ ድምፂ ብዙሕ ይርብሽና ነይሩ እዩ። ኣብራሃ ወኣፅብሃ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብኽንደይ ዓመተ ምህረት ከም እተሰርሐ ፣መን ዝባሃል እንዝርነር(ኣርክቴክቴክቸር) ክምዝሰርሖ ሓበሬታ የብለይን ኮይኑ ግዳ ፍሉይ ህንፃ ባዓል ሓደ ደብሪ ኮይኑ ብትሕዝትኡን ብዓይነቱን ፍሉፍ ህንፃ ኣዩ ነይሩ። እቲ ግዘ ንሱ ኮምኡ ዝበለ ህንፃ እንትስራሕ ናይ ሎሚ ድማ ብኣንፃሩ ኮይኑ ኣሎ። ንሳ ጥራሕ እያ ብጌዚኣ ፍልይቲ እትረኣ ህንፃ እያ ነይራ። ሎሚ ኣበይ ኩነታት ከምዝንህ ኣቲ ደጋዊ ስእሊ እዙይ ይመስል ዉሽጡ ድማ ፅቡቕ ኣይመስለንን ስለምታይ ማዕፆ ተሰባቢሩ ክፉእ ዓይኑ ዝረአየ እተወሰናት ማዕፆ ዘስረሐ ውልቀሰብ ከምዘስረሐ ሓበሬታ ስለዘሎኒ እዩ። <u>ብመሰርቱ ኣብ ዝኾነ ዓለም ዝስራሕ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ኣብ ስፍሕ ዝበለ ቦታ ዝተነፀፈ ንኹሉ ንዝተፈላለየ ስፖርት ዓይነትን መዛንግዒ ተሓሳቢ ተገይሩ እኹልን እሞ ኣብ ነፃ ዝኾነ ቦታ እንታብ ኩሉ ፅልዋ ነፃ ዝኸ፦ነ ንምምሃርን ንምስትምሃርን ምችው ዝኾነ ቦታ እዩ ዝስራሕ። ከባቢኡ ድማ ንቤት ትምህርቲ ምችው ክኸውን ኣሎዎ።</u>

- ሕዚ እውን እዙይ እንታብ ዕዳጋ ማእኸል ነፃ ኮይኑ ናይ ቤት ትምህርቲ ትሕዝቶን ቤት ትምህርቲ ክመስል ኣሎዎ።

እቲ ቕድም ኢሉ ንሹም ኻልኣይ ብርኪ ዝተሰየመ ቤት ትምህርቲ እንታብ ትሕዝትኡን ዓይነቱን ፅርየቱን እዙይ ዝባሃል ዘማልእ መስፍርታት የብሉን። እቲ ሽዑ ንቤት ትምህርቲ ዝተጠረረ ቦታን ኣቀማምጥን ፅቡቕ እዩ ተቐይሱ ነይሩ። ብድሕሪኡ ግዳ ቆላሕታ ኣይተገብረሉን እኳ ዳ ኣ ዝተረሰዐ እዩ ዝመስል ዘሎ። ካሊእ ይትረፍ እስኪ ቁሩብ ዘዓቕምና ንግበር ተባሂሉ ዝተሰርሐ ባዓል ሰለስተ ደብሪ ናይ መዳለዊ (preparatory) ሓጋዚ ህንፃ፤ እቲ ህንፃ ተወዲኡ እንታብ ዝምረቕ ፀኒሑ እዩ። ቅድሚ ምምራቑ እንታፍቶም ንጡፋት ኣባላት ሓደ ስለዝነበርኩ፤ ቅድሚ ምምራቑ ከመይ ዝስራሕ ክምዝነበረ ክካታተል ብኣካል ተረኺበ እቲ ዝነበረ ጉድለታት ነቶም ዝምልከቶም ኣካላት ሓቢረ፤ እቲ ፅቡቕ ስራሕቲ ንኢደ ንወትሩ ኣብኡ ዝማላእ ናውቲ መንግስቲ ከማልእ ክምዘለዎ ተማያይጥና ነይርና። ብድሕሪኡ እንኳዕ ኣቲ ህንፃ ተወደአ እምበር ዝተረፈስ ንወትሩ መንግስቲ ከማልኦ እዩ ዝብል ሙሉእ ተስፋ ነይሩኒ። ኣብ ምረቓ ስልዘይነበርኩ ፤ ኣጋጣሚ ቅድሚ ሓሙሽተ ወርሒ ምስ ሓደ እንታፍቶም ትጉሃት ኣካየድቲ ኣካል ተራኺብና እስኪ ሓቢርና ንርኣዮ ተባሂልና ኣበይ ከምዝበፅሐ ንርኣዮ ተባሂልና ብዙሕ ተስፈ ገይረ ናብኡ ኣምሪሐ። እቲ ዝሐዝን እቲ ህንፃ ዳኣ እዩ ተወድኡ እምበር ዋላ ሓንቲ ናይ መስተምህሪ ናውቲ ዝባሃል ኣይረአይኩን። እተን ዝተማሃርኩለን ንሻውዓይን ንሻምናይን ዝተሰርሐ ክፍልታት መስትያቱ ተሰባቢሩ ሕድሳት ዝባሃል ኣይተገበረሉን ፤ ካልእ ይትረፍ እቲ መስትያታት ስለዝተሰባበረ ጠበቓት ከኽዱዱሉ ኢኻ ትርኢ። እቲ ናይ መምሃራን ክፍሊ ጣራ ኣንጠልጢሉ ኣረ ኣብርእሲኦም ከይወድዕ ኢኻ ትብል።

ኣብ ዚ ኹነታት እዙይ ክንደየናይ ቀልቢ ናይ ትምህርቲ ከምዝጐድል ኣብዙይ ብቐሊሉ ምግማት ይካኣል እዩ። እቲ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ፅርየትን ትምህርቲ ከልዕሎ ኣይደልን። በቲ ናይ ውልቀይ ስነኣእምራዊ ትዕዝብተይ ኣብ መምሃራን ተማህሮን ዳርጋ ተስፋ ቆረፅ ኩንታት እዩ ዘርእየካ።እንታብዙይ ዝኸፍአ የለን። መምህር ብመሰርቱ ኩልሻብ ፍልጠቱ ንምሃብ ቁሩብን ግዱስን ክኸውን ኣሎዎ። ተማሃራይ ድማ ፍልጠት ንምቕባል ቁርብ ክኸውን ኣሎዎ።እንኳን ዶ ሎሚስ እቲ ኣብዘበን እኒእኒ ዝተማሃርኩሉ ግዘ፤ኣወዳዲረ አቲ ግዘ ዕግርግርን ሰላም ኣብዘይነበረሉ ናይ መምህራን ዋሕዲ እንተነበረ እውን እቶም ዝነበሩ መምህራን ብቑዓትን እንታብልቦም ዘስተምህሩ እዮም ነይሮም። ተማሃራይ አውን እቲ ኹንታት ዘይዓገቶ ንፍልጠትን ንምህሮን ቁሩብ ኮይኑ እንታብ ልቢ እዩ ይሰርሕ ነይሩ።

ኣብዙይ ምስቲ ዝኒህ ንሹም ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ አሞ ብዘይ መምህሪ ክፍልታትን ናውትን ብዕሊ ንካልኣይ ብርኪ ዘይተሰርሐ ናይ ጭንቂ ገበርቲ ሰናያት ሓዳ ክልተ እንዳበሉ ዝተወሰኹሉ ክፍልታት ብዘይ መምህሪ ናውቲን ቡቑዓት መምሃራን ኣብዙይ ተማሃሮ ተኣምራት ክሰርሑ ኣይንፀበ። ብመሰረቱ ሓደ ካልኣይ ብርኪ ክስራሕ አንተሎ ኩሉ ተሓሳቢ ተገይሩ ምስ ሙልእ ትሕዝቶ እዩ ዝስራሕ።

ኣነ ኣፍቲ ዘመን እኒእኒ ግዘ ዝተማሃርኩሉ ቤት ትምህርቲ ደረጅኡ ዝሓለወ ኩሉ ዝምጥን መምህሪ ናውቲ ዝተማለአሉ እዩ ነይሩ።ንኣብነት ኣብ ኬሚስትሪ ላብራቶሪ ኣብ ቤተ ሙከራ ግዘ ንኹሉ ተማሃራይ ወንበርን እኹል ቀዋሚ ንላብራቶሪ ተባሂሉ ምስ ሙሉእ ትሕዝቶ ዝተሰርሐ ዓበይቲ ቆዋሚ ዴስክታት አዩ ነይሩዎ። ኬሚክካላትን ናውትን ዝቕመጠሉ ውሑስ ቑም ሳጥን እዩ ነይርዎ። ንኹሉ ዝምልከት ሙከራ እኹል ኬሚካላት ነይሩ። ነቲ ኣስጋኢ ክም ጋዛት ዘኣምሰሉ ሙከራታት ድማ ውሑስ ዑፁው ቁምሳጥን ምስ መስትያቱ ፤ እቲ ሓደገኛ ጋዝ ተቐቢሉ ንደ ዘውፅ ገፊሕ ቡንባ ምሰኡ እዩ ሓቢሩ ተሰሪሑ። ንኣብነት ሓንቲ ጋዝ ካፍቲ ዝነበረ ሙከራታት ሳልፈር ዳይኦክሳይድ(sulfur dioxide) ክጠቕሶ አደሊ። ስለምታይ ብዘይ እቲ ቑምሳጡን ክትሙኩሮ ኣይትኽእልን፤ ስለምታይ ሓደ ጋዝ እዩ ካልኣይ እቲ ጨንኡ ድማ ሕማቕ ዝኣጐለ እንቁላሊሕ እዩ ዝጨኑ።እቲ ሙሉአ ትሕዝቶ ዝነበሮ ቤት ትምህርቲ ኣነ ትራሕ ዘይኮንኩ ሽው ዝነበሩ ንፉዕ መምህረይ መምህር ዑስማን ሳሊሕ ሽም ዳ ኣ ገጢሙ ከይኸውን እምበር ናይ ሎሚ ወፃኢ ጉዳይ ሚኒስተር ሃገረ ኤርትራ አቲ ዝነበረ ትሕዝትኡ ክምስክሩ ይኽእሉ እዮም።

ይቕፅል እዩ ብድሕሪ ስእሊ ክሳብ ገፅ 12



- እቲ ሓጋዚ መዳላዊ (preparatory school) ተወዲኡ ዝተመረቐ ክሳብ ሎሚ ውሽጡ ብዘይ መምህሪ ናውቲ እዩ። ኣብርእሲኡ ድማ ናይ ላብራቶሪ መስፈርቲ ተሓሳቢ ተገይሩ ዝተሰርሐ ኣይኮነን ብዙሕ ውሽጣዊ ቴክኒካዊ ጉድለት ኣሎዎ። ንኣብነት ናይ ማይ ቡንባ ኬሚካላዊ ፈተኒ መውፅኢ ዝኸውን ናይ ትኪ መውፅኢ የብሉን ው.ዘ.ተ ......`

ሎሚ ኣብ ኣኽሱም ዝኒህ ንሽም ንኻልኣይ ብርኪ ዘይምጥን ብዘይ ናውቲ ብቑዓት መምሃራን ናይ ጭንቂ እቲ ሕብረተሰብ ኣዋፂኡ ን መውዐሊ ዝተሰርሐ ቤት ትምህርቲ፤ እንታብኡ ፅቡቕ ነጥቢ ዘምፅኡ ተማሃሮ ምፅባይ ማለት <u>እንታብ ዘይሓረስካ ዘይኣለሳለስካን ዝናብ ሓሊኻ ዘይዘራእኻን ዘይፃሃይካን ብጊዚኡ ዘይዓፀድካን ኣብ ዓውዲ ዘይኣኽይድካ ምህርቲ ምፅባይ እየ ዝቖፅሮ።</u> እቶም ንጥር ኢሎም ነጥቢ ዘምፅኡ ዘሎዉ እውን ውልቀ ሓገዝን ተወሰኽቲ መምህር ተገይርሎምን ወይ ድማ ፍሉሕ ውልቀ ተውህቦ ሃሊይዎም ብዙሕ ዝፃዕሩ ጥራሕ እዮም ንጥር ኢሎም ዝሓልፉ ዘሎዉ። ሎሚ ኣብዚ ትውልዲ እዙይ ቑጠባ ኣብዘዓበየሉ ቴክኖሎጂ ኣብዩ መሰርተ ልምዓት ብቐሊሉ ኣብ ተሳልጠሎ ግዘ ፤ሎሚ በኣንፃሩ ሰላም ኣብዘዓሰለሉ ሰጋኢታ ኣብዘይብሉ እዚ ስእሊ እዙይ ክትርኢ ብጣዕሚ ዘሐዝን አዩ። ብፍላይ ናይ ዞባ ማእኸል ዋና ኸተማ አንታብ ብዙሕ ከባቢ መፂኦም ዝማሃርሉ ክሳብ ሎሚ ነቲ ኸተማን በዝሒ ህዝቢ ዝምጥን ንምታይ ክምዘይተሰርሐሉ ንኹሉ ዘግርም እዩ።

ቅድሚ ናፍቲ ዋና ነጥቢ ምእታወይ ቁርብ ምስኡ ዝተታሓሓዘ መብርሂ ክበሉ እፈቱ ። ኸተማ ኣኽሱም ኲላትና ንኾርዐሉ መበቆል ታሪኽናን ስልጣነናን ብዙሕ ኣሽሓት ዕድመ ዘቑፀረ ፈላማይ ኸተማ ሃገርና እዩ። ነዙይ ድማ ነጋራይ ዘየድልዮ ሕፅር ብዝበለ እቲ ኣብ ባይታ ዝርአ ሓድግታት ምስክር እዩ። ነባሪ ኸተማ ኣኽሱምን ክባቢኡን ቅድም ክብል ካብ ንግስና ሃፄ ኃይለስላሴን ቅድሚኡን ኢሉ አውን ክሳብ ስርዓተ ደርጊ መብዛሕትኡ ብሕርሻ ዝማሓዳደር ሕብረተሰብ እዩ ነይሩ። <u>እንታብኡ ሓሊፉ ኣብ ንግዲ ፣ ቀፅሉ ድማ አቲ ውርሻ ቀዳሞት እዩ ይመስለኒ ኣብ</u> <u>ኢደ ጥበባት ስራሕቲ ስእሊ፣ ተጨንቁሮም ብራና መፃሕፍቲ ፀሓፍቲ፤ ወርቅን ብሩሩን ሰራሕቲ፣ጥልፊ ጠለፍቲ፣ ማእለማን እተፈላለየ ስፌታት ወ.ዘ.ተ ...ይማሓደር ነይሩ።</u> እግረ መንገደይ ዝበዝሕ አዚ ጥበባት ከስተውዕሎ እንተሎኹ ናይ ኣዶታትና ኣሕዋትናን እቲ ባህልናን ስርዓትናን እንታብ ቀደሙ ንሳተን ክማዕርጋ ብዙሕ ክብርን ትኹረትን ንደቂ ኣንስትዮ ዝህብ ምንባሩ እዩ ዘሪእየና ዘሎ። እንታብኡ ሓሊፉ እዚ ስራሕቲ እዙይ ኣብ ከባቢኡ ዘይተሓፀረ ኣብ ሙሉእ ክፋል ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ኣስመራ፣ኣዲስ ኣበባን ጐንደርን ብበዝሒ ተንቃሳቒሱ ይሰርሕ ነይሩ። እዙይ ክምዙይ ኮይኑ እቲ ናይ ኤርትራ

ምፍላይን ብኣውርኡ ድማ ኣፍቱ ውግእ እቲ ሓደ ህዝቢ ኣብ ክልተ ምምቃሉ መባረርን ተባረሪን ምፍጣሩ ብበዝሒ ኣውኡ ዝነበረ ሕብረተሰብ ብዘይ ንብረቱን ሃፍቱን እዩ ተባሪሩ። ሂወተይ የሓሸኒ ኢሉ ኩሉ ገዲፉ ኣዩ ውፂኡ። ሂወቱ ዝሰኣነ እውን ውሑድ ኣይነበረን። እቲ ዘሕዝን ኩንታት ድማ እቲ ሸዑ መንግስቲ ብፅሓልና ኢሉ እንትሓትት ሸዑ ዝመልከቶም ዝነበሩ መንግስቲ ኣካል እቶም ዝባረሩ ዘሎዉ ናይ ደርጊ ወታደራት እዮም ተበሂሉ ዝተመለሰ ባጫ መልሲ ነይሩ እዩ። እዚ ሕብረተሰብ ብቐዳምነት ተረካባይን ተጠቃዓይ እዩ ኮይኑ። ክንደይ ትውልዲ ዝነበረሉን ሃፍቱ ዘጥረዮ ንብረቱን ክምዘሎ ተገዲዱ ገዲፉ ወፂኡ። ተመሊሱ ኣበናይ ኩነታት ክምዝወደቐ ነዙይ መብርሂ ኣየድልዮን ንዝሓስብ ሰብ ቁሉዕ እዩ።

ይብኣስ ድማ እቲ ዝኒህ ናይ ዓድና ኩነታት ብፍላይ ድማ ኣብ ጐንደር ብበዝሒ እንታብ ክልተ ሰለስተ ንላዕሊ ትውልዲ ተዋሊዱ ተዛሚዱ ፤ ሃብትን ንብረትን ኣጥርዩ ዝነብር ዝነበረ ብጣዕሚ ብዙሕ ሕብረተሰብ እዩ ነይሩ። እቲ ኣውኡ ነባራይ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ሓፋሽ ናይ ክልቲኡ ሕብረተስ ብንግድን ካልኦት ሕውነታዊ ፅቡቕ ረኽቢ እዩ ነይሩዎ። ጐንደር ኸተማ ትውልዲ ኸተመኦም እያ ነይራ። እቲ ኣውኡ ዝነበረ ዝረአ ትካላትን ሃብትን ሪኢኻ ናይቲ ኸተማ ወነንቲ ነይሮም እንተተባህለ ምግናን ኣይኸውንን። ብተመሳሰሊ ነበርቲ ዳ ኣ ኣይነበሩን እምበር ዕዳገኦምን ብፍላፍ ኣብ ዝተፈላለየ ዓበይቲ በዓላት ኣብ ኣኽሱም እዩ ምዓሎም ነይሩ። ጥራሕ እኽሊ ክዳውንቲ ኣልባሳትን ካልኦት ሸቐጣ መቐጥ ዘይኮነስ ብበዝሒ ኣባቕል ፣ ኣፍራስ ኣእዱጉን ካልኦት ንግዳዊ ከይዲ ኣዩ ዝካየድ ነይሩ።ኣብዙይ ጥራሕ ዘትኮረ ኣይነበረን እዚ ሕብረተሰብ ተዋሲቡ ተዛሚዱ ዝነበረ ሕብረተሰብ እዩ ነይሩ። ቕድም ክብል ብባህልን ሃይማኖትን ብዙሕ ዘራኸብ ስልዝነበሮ እዙይ ሒዝካ እዙይ ትገድፎ ኣይነበሮን። ብተወሳኺ ብፍላይ ድማ እቲ ሕብረትሰብ ኣኽሱም ብበዝሒ ኣዉኡ ስልዝነበረ እታ ዝነበረት ሻምናይ ክፍሊ ወዲኦም ካልኣይ ብርኪ ኣውኡ ዝተማህሩ ውሑዳት ኣይኮኑን።

- እዚ ብጭካነን ኢሰብኣዊ ወንጀላዊ ናይ ኣካላዊ መጉዳእቲ ቅትላት ንብረታዊ ቓፀሎን ሃብትን ዘረፋ ኢሉ ውን ሂወት ዝሰኣነ ስዒቡ ምፍንቓል ሎሚ እቲ ዕድል ገይሩ ብሂወት ዝወፅአ ሕብረተሰብ ኣበየናይ ኩነታት ክምዝነህ ንኹላትና ግልፂ ኣዩ።

ታሪኽ ታሪኽ የውርስ ኣብቲ ግዘ ገድሊ እቲ ርችት ደደቢት ምስተወለዐት ቀልጢፉ እያ ገድሊ ዳርጋ ብኸተማ ኣኽሱም ተመዊሳ ፤ ዳርጋ ብባዶ ዕጥቒ ካሊእ ይትረፍ መቑርፂ ስልኪ ዝተጠቕምሉ ሓንቲ እንታፍተን ዕጥቒ እንተዘይተጋገየ እንታፍተን ዝነበራ ብረታት ሓንቲ ገዞሞ እያ ነይራ ፤ ብዘይ ስሩዕ ናይ ኮማንዶ ስልጠና ሰዓት ኣብዘይመልእ እዩ ኩሉ ነገር ዓበይቲ ናይ ኮማንዶ ውሕሉል መጥቃዕትን ልእኽቶ ተዛዚሙ። እዚኣ ቀዳመይትን እግሪ መትከልን ፍልፍል ፋናንስን ዕጥቅን ምቫል ይካኣል።እዚኣ ነቲ መንእሰይ ስሩዕን ዘይስሩዕን ዝነበረ ቀልጢፉ ወሲኑ ንሜዳ ክኸድ ዓባይ መልእኽቲ እያ ገዲፋ ከይዳ። ውፅኢት ገድሊ ናይቲ ኸተማ መንእሰይ በዙይ ምግማትን ምቕማጥ ይካኣል።ብዙሓት ምሩፃት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝወዱኡን ዘይወደኡን ብፍላይ እንታፍቶም ዝወድኡ ብዓለምለኻ መዐቀኒ ፍሉይ ብልጫ ዝነበሮም ሎሚ ብሂወት ኣንተዝነብሩ ነይሮም ፍሉጣት ሳይንቲስት ኮይኖም ኣብ ዓውዲ ምርምር ብዙሕ ኣበርክቶ ንገበሩ ነይሮም። ነዚ ዝኒህ ወለዶ ክንደከይ ፍልጠቶም ነበርከቱ ነይሮም ።ኣብ ገድሊ ዝገበሮ ውፂኢትን ኣበርክቶን ምግናን ዘይኮነስ ሕፅር ብዝበለ ዓብዪ ግደ እዮም ተፃዊቶም። እታ መተካእታ ህወቶም ክግብሩ እንተለዉ ድማ ናዓናን ንቐፃላይ ወለዶ ጥጡሕ ባይታ ክነፅፍ ተገይሩ ቐፂሉ ናይ ሎሚ ወለዶን ቐፃላይ ወለዶ ተጠቃሚ ንኸኸውን እዩ። ሎሚ እዚ ወለዶ ንያየም ተኪኡ ዝበለፀ ግደ ከፃወት ኣሎዎ።

ሎሚ እኹል ፍልጠት ሲኢኖም ንሹም ተማሂሮም ክምዘይተማሃሩ ዝኾንሉ ኩነታት ኣዩ ዝኒህ፤ ምኽንያቱ ልዕል ኢለ ቆንጢረ ጠቒሰዮ እየ፤ ምድጋም ኣየድልን። ኣብ ርእሲኡ እዚ ዘምፀኦ ዘሎኹ ክንደይ ወለዲ ጠዋሪን መተሓዳደሪ ሲኢኖም ብሸግር ካብ ዓለም ዝተፈለዩ ዘለዉ ብዙሓት እዮም።ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝጠቐስኩዎ ከተመታይ ይኹን ነባሪ ሃገረሰብ( ገፀር) ዳርጋ ኹሉ ሕብረተሰብ ናብርኡ ኣብ ሕርሻ ዝተደረኸ እዩ ነይሩ። ኣፍቲ ስርዓት ደርጊ ዝነበረ መሬት ንኹሉ ከባፃሕ ምስተሸንሸነ ምስቲ ወሰሕ ሕብረተሰብ እቲ ብፂሒት ንመናብሮ እኹል ኣብዘይኮነሉ ደርጃ እዩ በፂሑ። ስርዓት ደርጊ ተደምሲሱ ክሳብ እዚ ዝኒህ ስርዓት ዝመፅአ ናይ ኸተማታት ዕብየት እዙይ ዝባሃል ኣይነበረን።ዝርጋሐ መሰረት ልምዓትን ምግፋሕ ኸተማታት ፅቡቕ ኮይኑ፤ እቲ ንሱ ዝውሕጦ ዘሎ ተሓራሲ መሬት ድማ ነቲ ትሕዝቶ ተሓራሳይ መሬት ብዙሕ እዮ ነኪይዎ።ሓደ ሓርማዝ ሓንቲ ልምልምቲ ጨንፈር ክበልዕ እቲ ኦም ዓጠቕ ከምዘብሎ እቲ ብዘይ ፅንዓታዊን ኣመጣጥና መሬት ረብሓ ሓረስታይ ኣብ ግምት ዘይኣእተኻ መሬት ዕደላ ዓቢዩ ትኹረት ክግበረሉ ኣሎዎ። ነቲ ናብርኡ ብኡ ተጠቃማይ ድማ ዳርጋ ናብርኡ ኣስኢንዎ እዩ። እዚ ሕበረተሰብ ኣበይ ኩነታት ክምዝነህ ንዘስተውዕል ርዱእ እዩ።ኣብርእሲኡ እቲ ኢዋናዊ ኹነታት ሕብረተሰብ ብዝተፈላለየ ተፃብኦታት ኣበይ ክምዝነህ ልዕል ኢለ ኣቐሚጠዮ እየ። ኣቡዙይ እቲ መሬት ኣኽሱም ኣሎ ዝባሃል ልሙዕ ዋልካ መሬት ኩሉ ዝሃብካዮ ዘራእቲ ዝቕበል ረጉድ መሬት እዩ። ኣብዙይ ፅንዓት ብዘይብሉ ኣተዓዳድላ ንልምዓት እንዳተባህለ ዝጠፍአ መሬት ሎሚ

ክትካአ ኣይኽእል። ብፅንዓትን ተማያይጥካ እትገብሮ ኹሉ ሳዕቤኑ ዝወሓደ እዩ። ነቲ ዝተወሰዶ ሓረስተይ እውን ግብእ ካሕሳ እንዳሃብካ ንሱን ደቁን እንታብ ሽግር ምቅላዕ ንድሓኑ ነይሮም። እቲ ኣውራ ዘሐዝን እንታብኦም ብዘይ ረብሕ ካሕሳ ኣፋኒኻን እንታብ ናብረኦም ኣፍናቒልካን ናብ ፀገም ኣቃሊኻ ሎሚ እቲ ትሕዝቶኦም ንሓደ ካሬ ሜትሮ በሽሓት ከም ኣቕኻ እንታብ ሓደ ናብ ሓደ በሽሓት ክሸየጥ ኣንተሎ እሞ ብኣንፃሩ እቶም ሓረስቶት ንሽግር እንትቃልዑ ኣንተለዉ ዘሐዝን እዩ። እቲ ኣግባብን ኣተሓሕዛ መሬት ኣብ ፅንዓት ዝተደረኸ ክኸውን ኣሎዎ። ሽዑ ከምዙይ የሓሽ ኢልካ ምኽሪ እንተሃብካ እውን ሰማዒ እዝኒ የለን። ብዛዕባ ሓመድን መሬትን ሰፊሕ ስለዝኾነ ብኻልእ ግዘን ኣርእስቲ እንተተመልስኩዎ የሐይሽ እዙይ ዝጠቐሶ ዘሎኹ ምስቲ ናይ ሓፋሽ ሕብረተሰብ ናብራን ትሕዝቶ ቤት ትምህርቲ ንምትሕሓዝ ጥራሕ እዩ።

## ናብ ቀንዲ መልእኽተይ ክምለስ

ናፍቲ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ ኸተማ ኣኽሱም እቲ ሽሙ ዳ ኣ ዓቢዩ ይኹን ኣምበር ንኽትኣምኖ ዘሸግር እታብ ዝሓለፉ ስርዓታት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብዕሊ ብመንግስቲ እዙይ ዝባሃል ካልኣይ ብርኪ ዘይተሰርሐሉ ኸተማ እዩ። ንኣብነት እንታባይ ክጅምር ስለዘይነበረ ዓድዋ ንግስተ ሳባ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣየ ተማሂረ። ካልኦት ውን ናተይ መማህርተይን ቅድመይ ዝተማህሩ ናተይ ተማሳሰሊ ኣብ ኣብ ዓድዋ መቐለን ኣብ ካሊእ ክፋል ኢትጵዮጵያ ብፍላይ ክምቲ ልዕል ኣቢለ ዝጠቐስኩዎ ምስ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ጐንደርን ዝነበሩ ስድሮኦም ተፀጊያም እዮም ተማሂሮም። እቲ ሽዑ ዝነበረ ሓልዮት ቤተሰብ ፍቕርን ምትሕልላይ ክንደየናይ ከምዝነበረ እዙይ ዓቢዩ ኣብነት እዩ። ኮይኑ እውን ኣፍቲ ዕድመ ንሱ እንታብ ሰድራኻን ገዛኻን ተፈሊኻ ምምሃር ምናልባሽ ነዚ ዝኒህ ትውልዲ ምእማን የሸግሮ ይኸውን።

ኣብዙይ ከስምረሉ ዝደሊ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ኢሉ እውን ኣብ ዓድና እዚ ስእሊ የለን ማለት ኣይኮነን።ብዙሓት ኣብ ዳስ ዝማሃሩ ቆልዑት ኣሎውና ፤ብቐዳምነት ንዐዖም ዕድል ይወሃቦም እንዳተባህለ እዚ ሕዚ ዝፅሕፈሉ ዘሎኹ ቤት ትምህርቲ ልቢ ዓዕብዮ ወይ ሰማዒ ስኢኖም እዮም ይመስለኑ እንተጨነቕም ከምድላዮም ይግበሩ እንዳበሉ ርእሶም ኣድኒኖም ፀኒሖም። እምበር እዙይ ዘይኣታሓሳሰቦ ሕብረተሰብ ኣሎ ኣይብልን።ካሊእ ይትረፍ እታ ኣነ ባዕለይ ዝኽእላ ክሰርሕ እንዳበለ እንታብ ምፅዓር ዓዲ ኣይዋዓለን።ሎሚ እቲ ሽግር ቤት ትምህርቲ ዓመታት ሓሊፍዎ ክሳብ ሎሚ እኒህ መፍትሒ ኣይተገብረሉን።እዙይ ናይ ሓደ ማኣዲ ማይ ቤት ዘይኮነ ናይ ሓባርን ናይ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ውራይ እዩ። ክምዝሸማይ ዝበለ ተዛረባይ ዶ ተሳኢኑ ግዳስ ሰማዓይ እዩ ሲኢኑ ፀኒሑ ካሊእ ይትረፍ <u>ይርዳእኻስ ዳርጋ ትካዎ ክምዝባሃል</u> ዘይመልኣልና እንድዩ ኮይኑ እዙይ እኮ ናትና ጉዳይ እዩ ኢልካ ኣከንንዲ ጥዑኡም ምምላስ ዳርጋ ካሊእ ሽም ምልጣፍ ውን ነይሩ እዩ። ሎሚ እዚ ኣባሃህላ እዙይ ክምዝነከየን ኢሉ ውን ንወትሩ ጨሪሱ ከምዘብቅዕ ተስፋ እገብር። ክምኡ ኮይኑ እውን ከምቲ ልዕል ኢለ ዝጠቐስኩም ተፃብኦታት ክምዘሎ ክይኑ እቲ ሕብረተሰብ እታ ዘዓቕሙ ይገብር ኣሎ እንዳገበረ ውን ፀኒሑ እዩ። ካልእ ይትረፍ ሕዚ ፍልይ ዝበለት ምስ እዙይ ዝተታሓሓዘ ኣብ ርእሰይ ሕዚ ዝመፅኣትለይ ክጠቕሳ ኣደሊ። ከምቲ ዝጠቐስክዎ ብዛዕባ እቲ ሓጋዚ ህንፃ ህንፀት እንታፍቶም ዝካታተሉ ዝነበሩ ሓደ እንታብኦም ብዛዕብኡ ብሓደ ብዑምቀት እንዳዘተይና ፀኒሕና ዘተና ምስወዳእና ቅድሚ ምፍልላይና ፤ቀፂሉ ሰልኪ ኣኒሀካ ደውለልይ ብኣካል ድማ ሳንሻይን (sunshine) ክትረኽበኒ ትኽእል ኢኻ በለኒ። ኣነ እንዳመስተ መሲሉኒ ብውሽጠይ እንዳተሰከፈኒ እቲ ሽም ውን ሕርኽርኽ እንዳበለኒ ኣበይ ከ እዩ በልኩዎ። እዋእ ኣረ እንዳመስተ ኣይኮነን ሎሚ እኮ ኣውኡ እየ ዝሰርሕ ዘሎኹ፤ እታ ኣብዚ ቦታ ዘላ ቤት ትምህርቲ ኢሉ ሓበረለይ ፤ሽዑ ንበይና ስለዝነበረት ብማዕዳ እያ ኮለል ኢላ ትረአ ነይራ፤ ሎሚ እኳ ብኻልኦት ህንፃታት ተዋሒጣ እያ። እታ ከምዙይ ዝበለት ሕብሪ ዘሎዋ ንበይና ትርክብ ቤት ትምህርቲ ድያ እወ ብማዕዶ ሪኢያ ኣሎኹ በልኩዎ እወ ኢሉ መለሰለይ፤ ኣካታቲለ ቀዳማይ ብርኪ ድያ በልኩዎ። እወ ግዳስ ፍልይ ዝበለ እዩ ናይ ዘኽታማትን ስኡናት ተማሃሮ እዩ ኢሉ መለሰለይ ። ደፊረ ድማ እሞ ኣብ ኣኽሱም ኣሽማት ሲኢንኩምስ ሳንሻይን ክትስይምዎ ምስበልኩዎ ቀልጢፉ ኣረ ናይ ሓደ ገባሪ ሰናይ እንታብ ኣዲስኣበባ በተኽስያን ክስዕም መፂኡ እዩ ሰሪሑ ኣረኪቡና ክሳብ ሎሚ እቲ ወፃኢ ባዕሉ ኣዩ ዝሽፍኖ ዘሎ በለኒ ። እቲ ሽም ድማ በቲ ናቱ ትካል እዩ ተሰይሙ ኢሉ ኣረዲኡኒ። ይበል ገባሪ ሰናይ ብጣዕሚ ዘሐጉስ እዮ። እዙይ እዩ ኢትዮጳውነት።

እቲ መንግስቲ ዳ ኣ ይረስዓዮ ኣምበር ሕብረሰብስ ዘዓቕሙ እንዳገበረን ይገብርን ኣሎ። ሎሚ ድማ እንታብ ኩሉ ዘሐጉስ ጥዑም ዜና ሰሚዕና ፤ብዓብዩኡ ውልቀሰብ ገባሪ ሰናይ ኣይተ ኣታኽልቲ እምባዬ እቲ ፍልፍል ፍልጠት ዝኾነ ሳይንስን ቴክኖሎጂ ማእኸል ፀገም ናይቲ ሕብረተሰብ ብቐረባን ብዑምቆት ተረዲኦም ማዕሮ ሸውዓተ ሚልዮን ወፃኢ ገይሮም ከስሩሑ ፤ ብተወሳኺ ድማ ኣብርእሲኡ ማ.ል.ት ሰለስተ ሚልዮን ወሲኻ እዚ ናይ ፍልጠት ማእኸል ክስራሕ እምነ ኩርናዕ ምቕማጡ ብዜና ማዕኸን ምስተጋወሐ ብእኡ ዘይተሓጐሰ ሰብ ኣይሁሉን። ዕድመን ጥዕናን ንገባሪ ሰናይ ፍፃሜኡ ኣብቀረባ የርእዮም።ማ.ል.ት ውን የቕንየልና ዓይና ኣንቕሓ ገፃ ነኣኽሱም ዝመለሰት ትመስል ኣላ እሞ ይበል ንሰናይ ስራሕቲ ፅቡቕ ኣሳልጦ። <u>መሰረት ፍልጠት ዝኾነ ብፍላይ ካልኣይ ብርኪ ክሳብ ሎሚ ብዕሊ ዘይተሰርሐን</u>

ፀገም እንዳሃለዎ ሎሚ ሆቴል ኣኽሱም ክስርሕ አየ ማለት ኣብ ትዕዝብቲ ከየእትወና ነቲ ቁስሊ ኣኽሱም ግንጫር ምምላስ ከይኸውን። እርግፅ እቲ ሆቴል እንተኾነ ውን ኣድላዪ እዩ ፤ ናይ እቶት ፍልፍል ምኳኑ ንኹሉ ርዱእ እዩ። ማ.ል.ት ብዘይ ፍልፍል እቶት መሰረተ ልምዓት ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ።እቲ ሆቴል ብዙሓት ሰብ ሃፍቲ ስለዘለዉ ንሳቶም ንግዚኡ ክሽፍንዎ ይኽእሉ አዮም። ማ.ል.ት እንተኾነ አውን ቅድም ቀዳድም እቲ ብቐዳምነት ናይ ተማሃሮ ሽግር ፍታሕ ይርከብ፣ አቲ ቀፃላይ ዝተሓሰበ ሆቴል ኻልእ ግዘ ክስራሕ ይካኣል እዩ። ማ.ል.ት ገፃ ንኸተማ ኣኽሱም ኣይሃበትን ፀኒሓ እምበር ክሳብ ቀሩብ ግዘ እቲ ብግዚኡ ኣሎ ዝባሃል ቱሪንግ ሆቴል ክርደአካ ዘይኽእል ምኽንያቱ ግልፂ ዘይኮነ ንኽንደይ ዓመታት ተዓፅዩ ፀኒሑ ፤ መወዳእትኡ ንመሸጣ ጭረታ ቀሪቡ እንታብ ትግራይ ሰገር ዘይተረፉ ተጫረቲ ናታቶም ደሓን ግዚኢት ዋጋ ኣቕሚጦም ኣይኸውንን ተባሂሎም ተኸሊኦም እዮም። ተዓዛባይ ሕብረተሰብ ካሊእ ስቕ ኢሉ እዩ ይዕዘብ ነይሩ። እንታባይ ጀሚሩ እንታብ ኢድና ከይወፅእ ተባሂሉ እዩ ዝኸውን ኢልና ኢና ብፅቡቕን ብኣወታውን ሪኢናዮ ፀኒሕና። ሎሚ ብዘይምጥን ዋጋ ንውልቀሰብ ተሸይጡ እንትትሰምዕ ንሰማዒዑ ዝዝግንን እዩ። እዙይ ኮይኑ ኣብዚ ዓቢዩ ናይ ሆቴል ትካል ማ.ል.ት ንምታይ ሽዑ ሱቕ ኢላ ኢዳ ኣጣሚራ ፀኒሐ። እቲ ሆቴል ሎሚ ዘመናዊ ዝኾነ መስፍርታት ከየማልእ ይኽእል ይኸውን ግዳስ ኣፍቲ ዘሎ ሕድሳት ገይርካ ብዝዋሓደ ዋጋ ላዕለዋይ ደረጃ ዘሎዎ ሆቴል ምግባር ይካኣል ነይሩ። ኣብዙይ ማ.ል.ት ብዙሕ ወፃኢ ንነከየት። ንኹላትና ኣብ ኢድ ማ.ል.ት ኢድ አንተዘኣቱ ነይሩ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብን ኣባልን ዓቢዩ ኩርዓት አዩ ነይሩ። ኣብዙይ ማ.ል.ት ደቂሳ ፀኒሐ ፣ ንኢሱኑያ እንተበልኩስ ተቖርሚሙኒ ከይኸውን። እቲ ከመይ ዝበለ ኣቀማምጥኡ ስፍሓቱ እሞ ምስቲ ኹሉ ኣትክልቱን ዓቢዩ ትሕዝትኡ ብቐሊሉ ብውሑድ ወፃኢ ክትገዝእ አንዳኻኣለት ሎሚ ሓዱሽ እንታብ ሓረስቶት ብዘይረብሕ ካሕሳ እንታብ ሓረስቶት ዝተነጠቐ መሬት ፤ ቆልዑት ብዕሊ ዝተሰርሐ ካልኣይ ብርኪ ስኢኖም ተማሃሮ ኣብ ሕማቕ ኩነታት እንዳሃለዉ ፤ ሎሚ ሆቴል ብቐዳምነት ንምስራሕ ምጉያይ ብውልቀይ ቁንዕ ኣይኮነን፤ ሕዚ እውን ቅድሚ ቀዳድም መሊሰ መላሊሰ ከስምረሉ ዝደሉ ቅድሚ ኩሉ ናይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ፍታሕ ይርከብ ፀገም ይቀረፍ። ናይዚ ኸተማ እዙይ ተማሃሮ ደንቁሩ ዝባሃል ናይ ወዲሰብ ሕሊና የለን። ቅድሚ ቀዳድም ኣብዙይ ካሊእ ኩሉ ዜጋ ዘይቀረየ ኣታሓባቢርካ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት ብመጀመርያ ተሰሪሑ ኣድላዪ እንተኾኑ ቀፂሉ ሆቴል ይሰራሕ።

- ኣብ ኸተማ ኣኽሱም እኳ ዩንቨርስቲ ዘይቀረየ እዩ ተሰሪሑሉ ግዳስ እቶም ተማሃሮ ኸተማ ኣኽሱምን ከባቢኡን ዕላዊ ዝኾነ ሙሉእ ትሕዝቶ ዘሎዎ ካልኣይ ብርኪ ተሰሪሑ ተማሃሮ እኹል ፍልጠት ረኺቦም ተዋዳዲሮም ፅቡቕ ነጥቢ ረኺቦም ኣብኡ ክኣትዉ ዕድል እንተዘይረኺቦምን አንተዘይ ኣትዮም ኣማዕድዮም እንታብ ካሊእ ዝመፅኡ ተማሃሮ እተራአዩ ንዓዓቶም ኣይታየሙን። ብእንፃሩ ንዐዖም ስነኣምራዊ ቃንዛ እዩ።

ኣነ ኩሉሻብ ዝብሎ ሓደ ነገር ኣሎ ንሱ ድማ ሓደ ነገር ንምውጣንን ንምዕላምን ፅንዓት ክግበር ኣሎዎ። ካሊእ ይትረፍ ሓደ ትካል ንምቛም ነኣብነት መሰረተ ልምዓት ዘማልእ ኣብርእሲኡ ድማ ናይ ፍርያትካ ናይ ወትሩ ዕዳጋ ፅንዓት ገይርካ ኢኻ ትካልካ ተቑም።ማ.ል.ት እቲ ቤት ትምህርትታት ቀዳማይ ጥኹረት ክትዎ ኣሎዋ።እቲ ሆቴል እንተኾይኑ ውን ብኻልኣይ ሳልሳይ ደረጃ ዝረአ እዩ።

- ኣነ እኳ ኣፍቲ ኽስቢ ጥራሕ ዘይኣትኮርና እንታብ ሆቴል ንላዕሊ ፍልይ ዝበለ ብዝበለፀ ፍልፍል እቶት ዘለዎ፣ ስራሕ ስእነት ብገፊሕ ዕድል ዝህብ፣ብኣውርኡ ድማ እቲ ክእለትን ሞያ ኢደጥበባት፣ነኣብነት ስርሕ ወርቂ ብሩር፣ጥልፊ፣ ማእለማ ፣ስፌታትን ቅርፃ ቅርፅን ሰራሕቲ ፣ ስነጥበባውያን ፀሓፍትን ሰኣልትን ወ.ዘ.ተ .... እዚኦም ኩሎም እንታብ ዝተፈላለዩ ተፋናቑሎም ዝመፅኡን ዝፀንሑን ብዙሓት ሕብረተሰብ ስለዘሎው ፣ ገሊኦም ተስፋ ቆሪፆም ምስቲ ዕድመ ምድፋእ ተወሲኹዎ ክእለቶምን ጥበቦምን ንዐፆም ዘይተጠቐሙሉን ንተተካኣይ ወለዶ ዘይማሓላለፍዎ እንዳተረስዐ ይቑሪ ኣሎ። ገሊኦም ድማ ተስፋ ብዘይ ምቑራፅ ፈቖዶ መንገድን ኮንተይነር ኣብ ናይ ሰብ ድንኳን(ሸቛት) ተፀጊዖም ንጥዕኖኦምን ንስራሕ ምችው ዘይኮነ ቦታታት ስለዝሰርሑ ዘለዉ ፣ ነዐፆም ኣኪብካ ዓቢዩ ናይ ኮተጅ ፋብሪካ ንኹሉ ክፋልት ኢደ ጥበባትን ኪነጥበባት ሞያ ማእኸል ሰሪሕካ እንታፍቶም ፍርያት ብዙሕ እቶት ክርከብ ይካኣል እዩ።ዕዳጋ ብዘይ ሽግር ኣብ ዓድን ወፃእን ተጠላብነት ኣሎዎ እዩ።ኣብርእሲ እቲ ዕለታዊ ዕዳጋን እተፈላለየ በዓላትን ብተወሳኺ ኣብ ዓመት ክልተ ዓበይቲ በዓላት ስለዝኽበሩ ንሳቶም ጥራሕ ዓበይቲ ፍልፍል እቶት እዮም። ኣብ ርእሲኡ ድማ ዕለታዊ በፃሕቲ ዓዲ ቱሪስቲ እኒሀዉ።እዚ ዓብዩ ናይ ስራሕ ማእኸል ፋብሪካ እንተተሰሪሑ እቶት ጥራሕ ኣይኮነን ኣብርእሲኡ ዝተፈላለየ ተወሳኺ ብዙሕ ረብሓታትን ጠቐሜታት ኣሎዎ እዩ። ነኣብነት፥
    - ብቐዳምነት ዓብዩ ፍልፍል እቶት እዩ
    - ብዙሕ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥር ይኽእል አዩ
    - እቲ ኢደጥበባት ሞያ ተዓቂቡን ማዕቢሉን ባህልናን ወግዕናን ብቐጥታ ብዘይ ቐጥታን ይዕቅበልና ኣሎ ማለት እዩ።

- ስራሕ ፈጢርካ ናብራ እቶም ሕብረተሰ እንታብ ሽግር ኣውፂእኽ ኣብ ፅቡቕ ደረጃ ምብፃህ ይካኣል እዩ።
- ሎሚ ብናይ ካልኦት ፍርያት ብፍላይ ድማ ኣልባሳት ናትና ፍርያት ገዲፍና ኣብ ናይ ካልኦት ፍርያት ኣቓልቦ ገይርናን ኣትኩርናን እነጊፀሉ ዘለና ናብ ናትና ክመልሰና ይኽእል እዩ፤ ብኡ ኣቢሉ ድማ እቲ ናይ ወፃኢ ሽርፊ ነውፅኦ ወፃኢ ክንክየልና ይኽእል እዩ።
- እቲ ፍርያት ከባቢና ሃገርናን ዕዳጋ ክረክብ ዕድል ፈጣሪ እዩ።

➢ <u>ኣቓልቦ፥</u> ኣነ ሎሚ ጥራሕ ኣይኮንኩን ብዛዕባ ኸተማ ኣኽሱም ሪኢቶይ ዝፅሕፍ ዘሎኹ፤ ቅድም ክብል እውን ብዛዕባ ናይ ሓደ ኢንቨስተር ኣብ ዓውደ እንዳፃባ ከፍቲ (dairy farm) ዝተዋፈረ ኣብ ከባቢ መቐለ ዝምልከት ፤ እቶም ኢንቨስተር ዝተዋሃበኒ መልምዒ መሬት ተንከዩ ንሓደ ፋብሪካ ዘቑም ወዲ ባንግላድሽ ዜጋ ተዋሂቡ ዝብል መረረት ኣስሚዕም ነይሮም ፤ ኣነ ኣስፍሕ ኣቢለ ብዛዕብኡ ፂሒፈ ነይረ። ቀፂሉ ብዙሕ መልሲ ተዋህብሉን ተዘትይሉ ነይሩ። ኮይኑ ውን እቶም  ኢንቨስተር መወዳእታ ክም እተረዳእኹዎ። ኣፍቲ ዓውዲ ንሱ ቑሙዕ ዝበለ ፍልጠት ዝወነኑ ኣይመስለንን። እርግፅ ካፒታል ናቶም ገይሮም እቲ ስራሕቲ ብባዓል ሞያ ከካይድዎ ይኽእሉ እዮም። ግዳስ ከም እተረዳእኹዎም ብሓደሻብ ብዙሓት ክምዘፍርዩ እዩ ነይሩ። እንታብ ኣንደበቶም ከምእተረዳእኹዎ እቲ ፍልጠት ባዕሎም ዝወነንዎ ኣይመስልን። እሞ ድማ ኣቕጣጭኡ ብዛዕባ Embryo Transplantation  እየ ተረዲአዮ ዘይካኣል የለን። ግዳስ ንሱ ብቐሊሉ ብውልቀ ሰብ ኣብ ከምኡ ዝበለ ባይታ ብቐሊሉ ዝግበር ኣይኮነን። ንሱ ኣብ ዓውዲ ምርምር እሞ ኩሉ ዘማልአ ብቑዓት ሳይንቲስት ኣብርእስኡ ንዕዑ ክተካይድ እቲ ኸባቢኡን እንታብ ኩሉ ነፅ ዝኾነ ስተሪል ዝኾነ ኣትሞስፌር ፈጢርካ እሞ ፀልማት ኣብኡ እትጥቀሞ መብራህቲ ፍሉይ  እዩ። እዚ ኹሉ ፈጢርካ እተካይዶ ስራሕ እዩ። እሞ ንሶምን ኣፍቲ ናቶም ቦታ ዝካየድ ኣይኮነን። ኣፍቲ ምርምር እኳ ክንደይ ዓንቀፅቀፅ ኣሎዎ እዩ።ንባዕሉ እቲ ቀሊል ዝባሃል Artificial Insemination እኳ ቀሊል ኣይኮነን። ክንደይ ሚእታዊ ዕውት ክምዝኸውን እቲ ስትስቲክስ ባዕሉ የርእየና።

## <u>ብዛዕባ ሓፈሻዊ መሰርተ ልምዓት</u>

ኣብዙይ ኣብ ኸተማ ኣኽሱም ብዛዕባ መሰረት ልምዓት ብኣወንታውን ብኣሉታዊ ዝረአ ብዙሕ ስለዝኾነ ንግዚኡ እግረ መንገደይ ሓደ ክልተ ጥራሕ ጠቒሰ ክሓልፍ እንተኾኑ ውን ካልእ ግዘ ኣንተተመለስኩዎ የሓይሽ። ኣብ ኸተማ ኣኽሱም ብዙሕ እንታብ ዓብዪ ክሳብ ንእሽተይ ዝተሰርሑን ዘይተሰርሑን ኣሎዉ።ግዳስ ዝኹሉ ወፃኢ ወፂእዎም ኣብ ባይታ ዝተነፀፉ እንተሪኢና እቶም ሰራሕቲ ሓላፍነት ብዝጐደሎ ናይ ዓፀርሞት ዝተሰርሐ እዩ ዝመስል።ነኣብነት እንታብ ዓድዋ ዝመፅእ መንገዲ ንሽረ ዝወስድ እቲ ናይ መጀመርያ ቀያሲ ኢንጅነር ብጣዕሚኢ እየ ዘድንቖ ናይ ንወትሩ ሓሳብን ኣድላይነት ሓሲቡ እዩ ቀይስዎ።እቲ ሰራሓይ ግዳ ወፃኢ ክንክየሉ እዩ ይመስለኒ ብኽልቲኡ ገፅ ነናይ ሓደ መኪና መኸየዲ መስመር ነኪዮ እዩ ኣቲ ኣስፋልት ተሰሪሑ። ሎሚ ርሑቕ ዘይከድና ብኽልቲኡ ገፅ ክልቲኣን ፀበብቲ መንገዲ ሓንቲ መኪና እንተተባላሸያ ዳርጋ መንገዲ ምዕፃው ኩነታት እዩ ዝረአ ዘሎ። ናይ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ልዕል ኢለ ከም ዋና ኣርእስተይ ኣበይ ኩነታት ክምዘሎ ብገፊሑ ጠቒሰዮ እየ፤ ምድጋም ኣየድልን።

➢ እቲ ኻልእ ዓቢዩ ፕሮጀክት እንታብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ንነዊሕ ዓመታት ዝላዓል ናይ ማይ ፀገም ዓቢዪ ፕሮጀክት እዩ፤ ክሳብ ሎሚ መፍትሒ ኣይተገብረሉን። ናይ ማይ ፀገም ኣበየናይ ደረጃ ክምዘሎ ንኹሉ ርዱእ እዩ።ማይ ሂወት እዩ ብዘይ ማይ ክዋዓል ክሕደር ኣይካኣልን። ኣብ ርእሲኡ  ትኩረት ገይረ ከስምረሉ ዝደሊ ብዛዕብ ሆስፒታል እዩ። ኣነ እኳ ሆስፒታል ኣይብሎን ናይ ሆስፒታል መስፈርቲ ጭራሽ ስለዘይብሉ።እዚ ኹሉ ኣብነት ኣስዒበ ዝፅሕፎ ዘሎኹ ብሓቂ ናተይ ናይ ዓይኒ ምስክርነት እዩ። ኮይኑ ውን እቲ በዓይነይ ቀደም ዝረአይኩዎ ብናይ ቁልዕነት ዓይኒ ቅዲሚ ቁሩብ ዓመታት ድማ ብዓይኒ ዝረአይኩዎ ስእሊ ከቐምጥ እፈቱ። ኩልሻብ ኣብ መድረኽ ዘይቀረየ ዘልዐልኩዎን እንዳተዛረብኩሉን ዝመፃእኹ ሕዚ ውን በዚ ኣጋጣሚ እዙይ ክደግሞ እፈቱ። እዙይ ቐጥታ ክፍሊ ጥዕና ዝምልከቶ እኳ እንተኾነ ኣብዙይ ማ.ል.ት ብግዲኣ ኣብዩ ግደ ክትፃወት ትኽእል እያ። ኣብዙይ ኣብ መድረኽ እዚ ሕዚ ዝደግሞ ዘሎኹ ዓው ኢለ ተዛሪበሉ ነይረ እየ። ግዳስ ብማ.ል.ት ኣቢሉ 20 ዓራት ክምዝተዋህበ ተደጋጊሙ ተጋዊሑ። እሞ ናይ ሓገዝ ንእሽተይ ዝባሃል የለን። የቕንየልና እዩ መልሱ። <u>ቕድስት ማርያም ሆስፒታል ኣበይ ኩነታት ከምዘሎ እቲ ኹሉ ተጠቃማይ ይፈልጦ እዩ። ኣብኡ ከምቲ ኩሉ ዝብሎ ጥዕናን ሂወትን ክትረክብ ዘይኮነስ ዘይነበረካ ሕማም ክትውስሕ እዩ ዝባሃል በሓቂ ውን በዓነይ ሪአዮ እየ።</u> መቸም ብቖልዓሓ ዝረአይካዮ፣ ዝሰማዕኻዮ ዝተማሃርክዮ ኩሉሻብ እዩ ተቐሪፁ ዝነብር፤ ነዙይ እዮም ወለድና <u>ማይ ብኑጐኻ ትምህርቲ ብቖልዓኻ እንዳበሉ ይነግሩና ነይሮም።</u> ኣነ ብቖልዓይ ዝረአይኩዎ ዘይርሰዐኒ ዝኾነ ግዘ ምስ ሰብ ናፍቲ ሆስፒታል ክይደ ነይረ ፤ ሽዑ እቲ ፍልጠትን ዕድመን ዝፈቕድ

ስለዘይነበረ እቲ ውሽጢ ትሕዝትኡ ኣፍልጦ ኣይነበረንን።እታ ሻዓ ኣብርእሰይ ዘቐመጥኩዎ ስእሊ ግዳ እቲ ዓረታት ብስርዓት ተነፂፉ እሞ ፅርየቱ ዘሓለወ እቲ ባይታ ተወልዊሉ ብርቕርቕ ይብል ነይሩ። ብድሕሪኡ ናይ ቁልፅነት ነገር ደስ ስለዝነበለኒ መበል ካልኣይ ክሪኦ ምእንቲ ሰብ እንታባና ማዓዝ እዩ ዘሓምም እ፞ቭል ነይረ። ብኣንፃሩ ድማ ቅድም ኢለ ብኽልተ ተጓንፎ ተመሊሰ ሪአዮ ነይረ።እዚ ተጓንፎ እዙይ ዝገልፆ ዘሎኹ ናተይ ምስ እዙይ ዝተታሓሐዘ ስለዝኾነ እዩ እምበር ናተይ ናይ ሂወት ተጓንፎ ኩሉ ክገልፆ እንተኾነ መፃሕፍቲ ክፅሕፍ ኣሎኒ። እሞ ኣብ ባይታ ዝረአ ቁሉዕ ስለዝኾነ ሱቕ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ክሳብ ሎሚ ዝሓለፈን ዝተረሰዐን ግዘ የኣክል ሎሚ ትኹረትን ዕላብን ይገበረሉ።

ቅድም ክብል ናይ እንስሳ ንእሽተይ ሓደጋ ኣጋጢሙኒ እቲ ኹነታት ከቢድ እዩ ነይሩ ግዳስ ዕድል ዘይዕድል ከምዝባሃል ፧ ኣምላኽ ኣፀቢቑዎ ጥራሕ እታ ፍርቂ እዝነይ እያ ዳርጋ ተበጢሳ ነይራ። እዝኒ ድማ እቲ cartillage tissue ንብሎ እንታፍቲ ካሊእ ኣካላትና ፍልይ ዝበለ ስለዝኾነ ናይቲ ደም ምፍሳስ ኩነታት ደሓን እዩ ነይሩ። ዕድል ገይረ ፅሩይ ከም ሶፍት ዝበለ ፅሩይ ስለዝነበረኒ እቲ ደም ዋሕዚ ባዕለይ ክቋፃፀሮ ኪኢለ። ኣብ ሆስፒታል ሓደጋ ስለዝኾነ ህፁፅ ሕክምና ክግበረለይ ኢለ ሙሉእ ተስፋ ገይረ ክይደ ግዳስ ብኣንፃሩ ካሊእ ኮይኑ እየ ረኺበዮ። ተገዳሲ ውን ኣይረአይኩን፤ ንዓንኻ እኳ ብዙሕ ፃዕዳ ጋቦን ዝተኸደነ ኣፍቲ ኸባቢ ክዛወር ትሪኢ ኢኻ ግዳስ እቲ ተገዲሹ ዘሐግዘካ ዘይትሪአሉ ኹነታት እዩ ነይሩ። ኣነ ናይቲ ዝምልከቶ ጠባሓይ ዶክቶር ሽም ሓበሬታን ብተወሳኺ ብዘይ ንሱ ኻሊእ ልምዲ የብላቶም ተባሂሉ ብቐረባ ሓበሬታ ተዋሂቡኒ ስለዝነበረ ኣነ ውን ትርር ኢለ ዶ/ር እገለ እየ ደልየ ኣሞ ሓቡሩለይ እንተበልኩ  እቲ መልሲ ቀሊል እንዳሃለወ ምስ ተማሃሮ በዙይ እዩ ዝሁሉ ዝብል ዓንቃፅ መልሲ እዩ ተዳጋጊሚ መልሲ ተዋሂቡኒ። ንዑዑ ክደሊ እግረመንገደይ እንዳዞርኩ እቲ ኹሉ ሑሙም ተፀቓቒጡ እቲ ኹነታት ምስረኣይኩ እሞ እቲ ብቐልዓይ ዝረአይኩዎ ፅርየትን ትሕዝቶን ምስቲ ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሱ እቲ ዝነበረ ኹነታት ክገልፆ ሕሊናይ ዘይፈቕዶ ብጣዕሚ ዘሐዝንዝንን ዘሐፍርን ኩንታት እየ ሽዑ ሪአ።  እቲ ሑሙሙን ኹነታት ምስረአይኩ እቲ ናተይ ሓደጋን ቑስልን ዝገደደ ምስ ረአይኩ ተመስገን እንኳዕ እዛ በዕልስ ርእሰይ ሲሒታ ብእዝነይ ኣሕለፎ ኢለ እቲ ናተይ ሓደጋ ረሲዐዮ ኣብ ቁፅሪ ኣየእተኹዎን።ነብሲ ዕረፊ ኢለ እቲ ደም  እንተዘይኣቋረፀ ውን ብዙሕ  እዩ ምፍሳስ ነኪዩለይ። ሓደ ፕሮፌሰር ለክቸር እንዳሃበ ክሳብ መወዳእታ ሱዕ እልካ ከምትካታተሉ ኣነ ውን ደልየ ደልየ እቲ ዶ/ር ምስ ተማሃሮ ምስረኣይኩዎ ዋላ እኳ ሁፁፅ ሓገዝ እንተድለየኒ ክሳብ መወዳእታ ብትዕግስቲ ተፀቢየ መወዳእታ ናይ ሕክምና ዕድል በፂሑኒ፤ እቲ ናይ ዶ/ር ሽም ብፅቡቕ ምልዓል ብጣዕሚ ፅቡቕ ነይሩ ግዳስ ክሓልፎ ፣ ብሓቂ እቲ ኹነታተይ ብኣውርኡ ባዕሎም ምስረአይዎ ቀልጢፎም ናብ መጥቫህቲ ክፍሊ ኣቲና። ደገ ኣፍ OP ዝብል ፅሑፍ ርአ እየ ኣትየ። ውሽጢ ትሕዝትኡ ብዙሕ ተፀቢየ እየ ኣትየ። ምስ ኣተኹ ቀልጢፈ ትሕዝትኡ ምርኣይ ጀሚረ፤ ትህዝትኡ እዙይ ዝባሃል ብዙሕ ዝረአ ስለዘይነበሮ ብሓንቲ ዓይኒ እየ ሪአ ወዲአዮ። ይገርም እዩ ብዘለካ ተወከፍ እዮ። ኣብኡ ዝረአይኩዎን እታ ዓራት ፀባብ መጥቫቲ ዓራት ዘይኮነስ ንምርመራ ትጥቀመሉ ፀቢብ ዓራት እያ ነይራ። ቐፂላ ኣብ ሓደ ኹርናዕ ሓንቲ ናይ መጥቫሕቲ ናውቲ መቐመጢ ሓንቲ ናይ መስትያት ቑምሳጥን እያ ነይራ። ኣብኣ ዝነበራ መጥቫሕቲ ናውቲ ክርኢ ፈቲነ። ዳርጋ ጥራሓ እያ ነይራ። ብመሰርቱ ሓደ መጥቫሕቲ ክፍሊ እቲ እተፈላለየ መስረታዊ መጥቫሕቲ ናውቲ ዝተማልአ ክህልዎ  ኣሎዎ። ነኣብነት እተፈላለአየ፥

Forceps,Retractor,Blade holder,Needleholder and needles,Scalpel blades,Sewing sutures: absorable non absorable,Scissors,Sponge stick,,Suctions,Kidney basin,Round bowl ...... etc

እዞም ባዓል ሞያ ኻሊእ ይትረፍ እንታብ ዘን ቁሩብ ኣብዙይ ዝጠቐስኩዎን እተፈላለዩ ዋላ እኳ እንተዘይሃለዎም በተን ዝነበሮኦም ሓደ ክልተ በኣውርኡ ድማ በቲ ብሉፅ ሞየኦኦምን ክእለቶምን ወሲኾም ብደንቢ ገይሮም በጢሖምን ሰፍዮምን ሓኪሞም ፧ ሕክምናዊ ፅቡቕ ስነኣእምራዊ ሕውነታዊ ወሲኾም ቆፀሮ ሂቦኒ ተፋላሊና። እቲ ወግዒ ክሕፅሮ ቕፀሮ ማዓልተይ ወሲደ ተመሊሰ ብቆፀራይ ክረኽቦም ኣይካኣልኩም ፧ ኣብርእሲኡ እቲ መስፈዪ ኣብኡ ዝቐሪ ስለዘይነበረ ኣብ ቆፀራይ ተመሊሰ የግዲ ኣብ መዓልቱ ከውፅእ ስለዝነበሮ ንሶም ገሾም ስለዝፀንሑኒ ኣብ ቀረባ ክምዘይምለሱ ተነገረኒ። እሞ መን ከሐግዘኒ ይኽእል እንተበልኩ መልሱ እንድዒ እንድዒ ጥራሕ ነይሩ። መወዳእተኡ ሓደ ደፊሩ እነ ክገብረልካ ኢሉ ፀኒሑ ናይ ክሊኒካል ዘይኮነ ዓብዪ መቐስ ሒዙ መፂኡ ኣነ ሓቂ ኣይመሰለንን በል ናዓ ክውፅአልካ በለኒ ፧ ኣነ እቲ ዝሓዞ መቐስ ሪአ በዙይ ድዮም እቲ ስፋይ ከውፅእዎ በልኩዎ እንታይ ዳኣ ደሊኻ ኢሎም ተቖጡዑ እሞ ግደፎ በልኑ። ኣነ ክልእ ኣይተዛረብኩዎን የቕንየለይ ዘይወፅአ ይፅናይ በልኩዎም።ብዙሕ ግዘ ሓሊፍውዎ ዳርጋ ውሽጡ ኣትዩ ስጋ ሸፊንዎ ካልእ ግዘ ኣብ ካልእ ግዘ እቲ መስፈዪ ክሪ ኣብ ካሊእ መለስለሲ ተገይሩ እዩ ወፂኡ።  እዚ ተጓንፈ ቁሩብ ፀኒሑ እዩ።

- ግዳስ ቕድሚ ሰለስተ ዓመት ሓንቲ ዓባይ ኣዶ ኣሕሙዎን ምስ ፀንዐን ናፍቲ ዝተሓከምኩሉ ሆስፒታል ኣትየን ክጥይቕ ከድኩ። እቲ ሒዙኒ ዝኸዳ ሰብ ኣበይ ዳኣ ደቂሰን እቲ ኽፍሊ ቑፅሪ ትፈልጦ ድኻ ኢለ ሓተትኩዎ ኣንታ ኣብ ኮርደር ደገ እያ ዘላ በለኒ። ቦታ ድዩ ተሳኢኑ በልኩዎ። ኣረ ፅቡቕ ዕድለኛ ኮይና እያ ሰብ ይፍተውካ ኣኽብሮም ኣዶ ስውእቲ ተጋዳሊት ተባሂላ ፤ ኣብርእሲኡ ድማ ኣፍቲ ሕብረተሰብ ተፈታዊት ስለ ዝኾነት እዮም እታ ቦታ ንሳ ረኺቦሙላ ኸውሊ ዝኸውን መጋረጃ ተገይሩላ እዩ። ኣውኡስ ጥዑይ ንፋስ እኳ ትረክብ በለኒ። ውሽጢ ዳኣ ክመይ ኢላ ክትክእሎ በለኒ።በሓቑ ውን ኣብ ኮሪደር እየን ደቂሰን ነይረን። ብዙሕ ኣይፀንሓን እንታብ ዓለም ተፈልየን ። ንዐዐን መንግስቲ ሰማያት የዋርሰን። ናዓይ ሓዱሽ ኣይነበረን እቲ ቅድሚኡ ዝረኣይኩዎ ኹነታት ስእሊ ኣብ ቅድሚተይ መፅአ። ብልበይ ለካ ክሳብ ሎሚ ከምኡ ኢሉ እዩ ዝኒህ ኢለ ምስ ነብሰይ ተዛረብኩ። እስኪ ኣምላኽ ናይ ዚ ሆስፒታል ፀገም ህንፀትን ትሕዝቶን ተቐሪፉ ፍፃሜኡን የሪኣና። እንታይ ይግበር ክምዘሎኦ ሓቤሬታ የብለይን ። በቲ ጥቑኡ ክሓልፍ በቲ ዋና መእተዊኢ በሪ ሓፁር ፈሪሱ ክኳዓት ጥራሕ ሪአ ኣሎኹ። ንሹም ናይ ዞባ ሪፈራል ሆስፒታል ተሰሪሑ ይባሃል እቲ ቦታ ዝተሰርሐሉ ንሆስፒታል ዝምጥን ስለዘይነበረ ብዙሕ ኣብ መድረኽ ተዛሪበሉ ስለዝነበርኩ ሎሚ ቀርዩ እዩ ናይ ተማሃሮ መምህሪ ኮይኑ እዩ ተባሂሉ እዩ መልሲ ተዋሂቡኒ። ቀደሙ ንምታይ ኣብዘይ ኮነ ፤ ቀደም ጀቕጅቕ ዝነበረ እቲ ዋና ምንገዲ ብጥቑኡ ዘሓልፍ፤ ኣብርእሴኡ ምስ እንዱስትሪ ዞን ጎኒ ንጎኒ እዚ ኹሉ ተጣማሚሩ ንምታይ ኣብ ኣገልግሎት ዘይውዕል ዝኹሉ ወፃኢ ክምዝወፅአ እቲ ዝምልከቶ ኣካል መልሲ የሃበሉ። ናይ ጥዕና ሓፋሽ ሕብረተሰብ ሕዚ እውን ግዘ ዝህብ ኣይኮነን። እታብ ጥዕዝብተይ ኩሎም ዶካትር ኣፍቲ ናይ መንግስቲ ኣገልግሎቶም ተሳኺ ዳርጋ ኩሎም ናይ ውልቆም ክሊኒካት እኒሀዎም እዩ። ናዕይ ዝገርመኒ ግዳ ኣፍቲ ኣገልግሎት ዝውዎ እምበርከ ሙሉእ ተወፍይነትን ናይ ልቦም ዶኾን ኣገልግሎት ይህቡ ይኾኑ ዝባህል ሕቶ እዩ ዘለኒ፤ እሞ ኣብዙይ ይተሓሰበሉ።እቲ ዘሎውም ግዘ ንኽልቲኡ ብሓቂ እንተሪእናዮ ኣብ ሕቶ ዝቕመጥ እዩ? እቲ ዘሎዎስ ክምቲ ዝባሃል ደድሕሪኦም ናብ ክሊንኮም ሲዒቡ ሕክምና ይርከብ ንበል ፤እቲ ዘይብሉ ኸ ኣበይ ጥዑይ ሕክምና ይርከብ።ኣብርእሲኡ ትሕዝቶ እቲ ውልቂ ክሊኒካት ስለዘይርኣይኩ እዙይ ክብል ኣይክእልን። እሞ እቲ ስኢሊ እቲ ዋና መሰርተ ልምዓት ኸተም ኣኽሱም ኣብነታዊ ስእሊ እዙይ ይመስል።ንወትሩ ፍታሕ ረኺቡን መስመር ሒዙ ሓቢርና ንምርኣይ የብቀዐና።

## <u>ንሎሚ ኣብዙይ ክውድእ። ቀፂለ በዛ እትስዕ ክድምድም፥</u>

- እቲ  ናይ ሎሚ ዝኒሆኹነታት ዓድና ኢሉ ውን ንኽልልናን ህዝብናን ዝፀሉን ናቱ ብዝተፋላለየ ኩነታት ናቱ ግዳይ ኮይና ስለዘሎና ድቃስ ዝኸልኣካ እዩ። ከም እተባህለ ሓድነትና ኣስጢምና ቖቛሕ ኮይና ሰላምናን ሕገመንግስትና ከይበርስ ኩላትና ዘብዐኛ ክንከውን ኣሎና። ዘይቁስልኻስያ ቅንጫር ምለሰሉ ዝባሃል ጨካን ኣባሃህላ፤ ሎሚ እቲ ብመሪርን ናይ ነዊሕ ተጋድሎን መስዋእትን ቃልሲ ትርጉም ዘስእንዎ ዘሎዉ፣ ኢሎም ውን ፀሎሎ ለኽዮም ትርጉም ከስእንዎ ይፅዕሩ ኣሎዉ። ናቱ ውፂኢት ዝኾነ  ህገመንግስቲ ብሄር ቤረሰባት መሰሎም ተሓሊይሎም  ብፌደረስሽን ሓቢርካ ናይ ምንባር ክሳብ ሎሚ ዘይተዋሓጠሎም ንድሕሪት ንምምላስ ኢልካ እውን ኣሁዳዊ ስርዓት ንምህናፅ ዝገብርዎ ዘሎዉ ፃዕሪ እንታብ ደበና ዘይብሉ ሰማይ ዝናብ( ማይ) ምፅባይ ኢለ እየ ዝወስዶ። ሕዚ እውን ንዑዑ ንምክልኻል ቀፃላውዊ ቓልሲ ከድልዮ እዮ። ንሳቶም ካሊእ ይትረፍ እዚ ኹሉ ኣብ ባይታ ተነፂፉ ዝኒህ መሰረተ ልምዓት ክይስራሕ ዕንቕፋት ዝነበሩ ሎሚ ግዘ ሂቢዎም ናቱ ተጠቀምቲ እንዳሃለዉ ብዓይኖም እንዳረአዩ ዝኽዱን እቲ ልምዓት ዘቃልልዎ ዘለዉ፤ ናይ ጥዑያት ዑውራት እዮም።እሎም ድማ ዝገብርዎ ዘይፈልጡ ፤ እዚ ኣብ ዓድና ዘርኢ ኣንዳፈለዩ ዝገብርዎ ዘሎዉ መጥቃዕቲ ክምቲ እኩይ ስረሖምን ሕልሞምን ዘርኢ ኣጥፊኦም  ኣየናይ ዘርኢ ክምዝትክኡ ዝገብርዎ ዘይፈልጡ ክም ፅሉል ከልቢ እየ ዝሪኦም።
<u>እሞ እቶም ኣያታትና ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ኮይኖም መስተንገርቲ ዝኸነ ጀግንነት ሰሪሖም ዓብዪ ሞዕራፍ ጊዶኦም ተፃዊቶም እዮም። ጥጡሕ ባይታ ነዚ ዝኒህ ወለዶ ኣረኪቦም እዮም። እቲ ቀፃላይ ምዕራፍ ናይዚ ዝኒሀን ቀፃላይ ወለዶ ግደን ምዕራፍን እዮ።</u>
ዋላ ኳ ገሊኦም እቲ ቓልሲ ምስተዓወትን ምስተዛዘመን ዕላማ ገድልን ልኡኽቶ ህዝቢ ረሲዖም ኣብ ውልቀ ረብሓ ዝተዋፈሩ ኣይተሳእኑን። ሰብ ሓዳሻብ ክጋገ ይኽእል እዩ ፤ ጌጉኡ ዘኣመነን እንታብ ጌጉኡ ተማሂሩ ይቕረታ ዘሓተተ ህዝቢ ይቕረ በሃላይ እዩ ፤ ግዳስ ኩሉ እንታብ ጌጉኡ ክማሃር ኣሎዎ።

ሓድነት ዘይስኮን ፅኑዕ ሓይሊ እዩ፣

ክብርን ሞጎስን ን ኣብ ብዝተፈላለየን ኣብ ዝተፈላለየን ዝተሰውኡ ዝተሰውኡ ስውኣት

መቕረባይ፥ ቬት ዶ/ር ተኸስተ ዮሴፍ